Coptic Orthodox Patriarchate
His Holiness Pope Tawadros II
Pope of Alexandria and
Patriarch of the See of St. Mark
The Papal Center

بطريركية الأقباط الأرثوذكس
قداسة البابا الأنبا تواضروس الثاني
بابا الأسكندرية
وبطريرك الكرازة المرقسية
المقر البابوي

222 Ramses St., Abbaseya, Cairo, Egypt
222 شارع رمسيس ، العباسية ، القاهرة ، مصر

Tel: 024822580 Fax: 0235365880 email: office@popetawadros.org 0235365880 :فاكس 024822580 :تليفون

*Tigrinya – Nativity 2024*

## ቃለ ቡራኬ ፓትሪያርክ፡ ኣብ ክቡር በዓል ልደት 2024

## በስመአብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ አሐዱ አምላክ፡ አሜን።

ንኹልኻትኩም ፍቑራተይ፡ እንቋዕ ናብ ጎርጎርዮሳዊ ሓድሽ ዓመትን ክቡር በዓል ልደትን ኣብጽሓኩም። ካብ ምድረ ግብጺ፡ ካብ ሃገረ ቅዱስ ማርቆስ ሓዋርያ፡ ሓዋርያ ግብጺ እንቋዕ ሓጐሰኩም እብል። ናብዚ በዓል እዚ፡ እንቋዕ ኣብጽሓና። ኣብ ክንዲ ኵሎም ቅብጣውያን ካብ ግብጺ ኰይነ፡ መልእኽቲ እንቋዕ ኣብጽሓኩም እሰድድ። ንኹልኻትኩም፡ ኣቦታት መትሮጶሊጣናት፡ ጳጳሳት፡ ኣቦታት ካህናትን ቆሞሳትን ቀሳውስትን እንቋዕ ኣብጽሓኩም እብል። ንኹልኹም ኣባላት ሰበኻ ጉባኤን ድያቆናትን እንቋዕ ኣብጽሓኩም።ንኹሎም ንበዓለ ልደት ብመሠረት ምስራቓዊ ዓውደ ኣዋርኅ፡ ኣብ ሾብዓተ ጥሪ ዘብዕሉ ቅብጣውያን፡ እንቋዕ ኣብጽሓኩም እብል።

ኣብዚ በዓል ልደት'ዚ፡ ብዙኃት ኣስተንትኖታት ኣለዉ። ብርግጽ'ውን፡ እቲ ንኹላትና ዘገድሰና ጉዳይ ሕቶ "ክርስቶስ ኣበይ ኣሎ" ዝብል'ዩ። ዓለም ብዙኅ ህውከት፡ ውግኣትን ግጭታትን ኣለዋ። እንተኾነ ግና፡ እቲ ካብ ጥንቲ ምውላደ ክርስቶስ ኣትኂዙ ዝሕተት፤ "ክርስቶስ ኣበይ ንረኽቦ" ዝብል ሕቶ'ዩ። እቲ መልኣኽ ነቶም ጓሶት ተራእዩም'ሞ፡ "እንሆ ንኹሉ ሕዝቢ ዝኸውን ዓቢይ ሓጐስ አበሥረኩም ኣሎኹ እሞ ኣይትፍርሁ" በሎም። (ሉቃ. 2፡10)ቀሊል ዕዮ ዝገብሩ ዝነበሩ ጓሶት'ዮም ዝነበሩ። ኣብ ተመሳሳሊ ግዜ ግና፡ ነተን ኣባጊዕ እናኃለዉ፡ ኣብ በረኻ ነበሩ። ብለይቲ፡ ነተን ዝጓስዩወን ኣባጊዕ ይኅልውወን። ብድኅሪኡ ግና፡ እቲ መልኣኽ ነዚ ዓቢ ሓጐስ ምስ ኣበሠሮም፡ እቶም ጓሶት ናብቲ መብልዕ ማል ከዱን ንሕፃን ኢየሱስ ክርስቶስ ከኣ፡ ብጨርቒ ተጠቕሊሉ ረኸብዎ። ሕደ ሕቶ'ውን በቶም ጠቢባን ሰብኣ ምብራቕ፡ እቶም ሰገላውያን ዝቐረበ'ዩ። ንሶም ብመሠረት መጽሓፍቶም፡ ፍልጠቶም፡ ኣብ ፈለክ ከዋክብት ዘሎዎም ምርምር፡ እዚ ድማ ፍሉይ ኮኾብ ዝተፈልየ ጠባይ ኂዙ እንተ ተራእዩን ካብ ምብራቕ ናብ ምዕራብ እንተ ተጓዒዙን፣ እቲ ዝተረፈ ነቲ ሸዕኡ ዝተወልደ ንጉሥ ኣይሁድ ምርካቦም'ዩ። ካብ ጉዕዞኦም ዝተላዕለ፡ ረሸሸታ ኣለዎም። ኵላትና ከም እንፈልጦ፡ ኣብ ጥንቲ እዋን፡ መሳለጥያ መጓዓዝያ ኣዝዩ ጽንኩር'ዩ ኔሩ። ኣብ መንገዶም፡ ሰሙናትን ኣዋርኅን ወሲዶም'ዮም። ናብ ቤተልሔም፡ ናብቲ ንጉሥ ዝተወልደሉ ቤት በጽሑ። ረኺብዎ'ሞ፡ ህያባቶም ወርቂ፡ ዕጣንን ከርበን ሃብዎ። ተመሳሳሊ ሕቶ "ዝተወልደ መሲሕ ኣበይ ንረኽቦ" ዝብል ሕቶ'ውን፡ ብንጉሥ ይሁዳ፡ ሄሮድስ ትኑዝ ኮነ። ልቡ ግና፡ እኩይ ነበረ። ብኸምዚ ድማ፡ ነቲ ሕፃን ክርእዮ ደለየ። ከም ንጉሥ ንዕኡ ከኽብር ከም ዝደለየ፡ ኣምሰለ። ብሓቂ ግና፡ ክፉኣት ኣስኪኡ ነበረ። ድኂርና ከም እነንብቦ ግና፡ ንሕፃናት ቤተልሔም ክቕተሉ ዝገበረ፡ ሄሮድስ ነበረ። ልቡ፡ ክፍእቲ ነበረት።

በዓለ ልደት እናብዓልና፡ ብሒቱና ዘሎ ሕቶ፡ "ንክርስቶስ ኣበይ ንረኽቦ፧" ብርግጽ፡ ንክርስቶስ ኣብ ዓቢ ቤት፡ እንዳ ሃብታማትን ክቡር ቦታን ምደለናዮ። ኣብ ብኹሉ መዳያቱ ብዘመናዊ መሳርሒ ዝቐመ ምሹእ ቦታታት'ውን ምደለናዮ፣ ወይ ድማ፡ ኣብ ንሕና ብጌጋ ክርስቶስ ይኃድሮ'ዩ እንብሎ ቦታታት ምደለናዮ። ከምኡ'ውን ዓበይቲ ቦታታትን ዓበይቲ ዝነብርሉ ቦታን ምደለናዮ። እንተኾነ ግና፡ ንክርስቶስ ኣብ ንሕና ዘይንጽበዮ ቦታ ንረኽቦ። ምናልባት'ውን ኣብ ከም በዓል ቤተልሔም ዝበለ ቦታ ንረኽቦ። ቤተልሔም ኣዝያ ንኡሽቶ፡ ሰባት ዘይፈልጥዋ ዓዲ'ያ። ንዕኡ ኣብ መኅደር ሰባት ዘይኰነስ፡ ኣብ መኅደር ማል ደኣ ረኺብናዮ። ንዕኡ ናብ ንሕና እንጽበዮ ዘይኰነስ፡ ካልእ ቦታ ረኺብናዮ። እዚ ቦታ'ዚ፡ ተራ ብምዃኑን ንጽሕናኡን ይፍለጥ። ስለዚ፡ ንክርስቶስ ክትረኽብዎ እንተ ደሊኹም፡ ኣብ ተራ ቦታታትን፡ ንጹሕ ቦታታትን ድለይዎ። ከምኡ'ውን ኣብ ንጽሕና፡ ቅድስና፡ ንጹሕ ሕይወትን ድለይዎ። ንክርስቶስ ኣብ ድኹማት ልብታት ንረኽቦ። ንዕኡ ድለይዎ። ስለዚ ፍቑራተይ፡ ልደት ከተኽብርዎ እንተ ደሊኹም፡ በዓል ምኽባር ሓድሽ ክዳን ብምኽዳን፡ ብምግቢ፡ ብጽሕዲ ልደትን ካልኦት መማዕረግትን ኣይኰነን። እዚ ውዕውዕ ኣበዓዕላ'ኳ እንተኾነ፡ እዚ ግና ማሕበራዊ መዳይ'ዩ። ብመንፈሳዊ መዳይ፡ ንክርስቶስ ድለይዎን ኣሰሩ ርኸቡን። ንምርካቡ ድለይዎን ምስኡ ተሓጐሱን። ብኣዝዩ ትሑት ልቦና ድለይዎ። ኣብ ኵሉ ሰላም ዝደሊ ሰብ፡ ድለይዎ። ኣብ ኵሉ ንኻልኦት ከገልግል ዝደሊ ሰብ፡ ንክርስቶስ ድለይዎ።

ሓደ መዓልቲ፡ ሓደ ጉጅለ መናእሰይ ካብ ኣውስትራልያ መጺኦም፡ ከገልግሉ ከም ዝሓተቱ እዝክር። ብኸምኡ ድማ፡ ናብ ንኡሽተይ ዓዲ፡ ዞባ በሒይራ፡ ጥቓ እስክንድርያ ሰደድክዎም። እቶም ንኣሽቱ መናእሰያት ካብ ኣገግሎት እታ ዓዲ ምስ ተመልሱ፡ እታ ዝነገሩኒ ብሕታዊት ስምዒቶም እንተ ኔራ፡ “እምበኣርከስ፡ ክርስቶስ ረኺብናዮ ኣሎና” ትብል ነበረት። ብኸምዚ፡ በዓለ ልደት፡ በዓለ ምውሳድ ኣይኮነን። ንሱስ፡ እትህቦ፡ በዓል ምሃብ ኢዩ። ጉልበትካ፡ ግዜኻ፡ ሓሳብካ፡ ገንዘብካን ኣገልግሎትን ሠውዕ። ስለዚ በዞም ኵሎም መሥዋዕትታት እዚኦም፡ ንክርስቶስ ክትሪኦ ኢኻ። ንባዕልኻ ጥራኅን ንበይንኻን ብስስዐን ኣይትንበር። ንኻልኦት ንበር። ነቶም ድኸመታት ዘለዎም ነፍስታት ድለዮም። መጽሓፍ ቅዱስ ከም ዝብሎ ነቶም ብመከራ፡ ሕማም ወይ ጸገም፡ ናብራ ዝኸበዶም ነፍሳት ድለዮም። በዓለ ልደት፡ ካብ መወዳእታ ወርጊ ታኅሳስ እነብዕሎ፡ ክርስቶስ ዝውለደሉ ዕለት ጥራይ ኣይትግበሮ። እንታይ ደኣ፡ ዓመት ምሉእ፡ ንክርስቶስ እንደልዮ በዓል ግበሮ። ውፅኢቱ ድማ፡ ልብታትካ ብዓቢይ ሓጐስ እትመልኣሉ ክኸውን ኢዩ።

ብዛዕባ ሓደ ጽሕዲ ልደት ዝሸይጥ ዝነበረ ወዲ፡ ጽቡቕ ዛንታ እዝክር። ነተን ኣብ ድሮ ልደት ናይ መወዳእታ ጽሕድታት ልደት ክሸጠን ምስ ደለየ፡ ናብ ጥቕኡ ቀሪቡ ክገዝአን ዝደለየ ኣይነበረን። ናብ ቤቱ ብዘይ እኹል ኣታዊ ይምለስ ምህላዉ ድማ፡ ኣስቈርቈረ። ንምግቢ ይኹን ንጓሉ ዝኸውን ህያብ ኂዙ ንኽኣቱ፡ እኹል ገንዘብ ኣይነበሮን። በዚ ኸኣ፡ እታ ጓሉ  ልደት ዳርጋ ኣብ ምዝዛሙ ስለ ዝኾነ፡ ነተን ተሪፈን ዘሎዋ ጽሕድታት፡ ንኻልኦት ከም ህያብ ክህቦም ሓሳብ ኣቕረበትሉ። ካብተን ኣብቲ ከባቢኡ ዝርከባ ጐረባብቲ ድማ ንኽዕድል ኣባይቲ ክኃሪ ጀመረ። ስለዚ ድማ፡ ናብ’ታ ቀዳመይቲ ቤት ከይዱ፡ ጽሕዲ ልደት ከም ህያብ ሃቦም።  ዋና እቲ ቤት ተቐበሎም፣ እቲ ሰብኣይን ሰበይቱን ከኣ ኣመና ሓሚሞም’ዮም ዝነበሩ። በታ ጽሕዲ ልደት ድማ ኣመና ተሓጐሱ። ቀጺሉ፡ ጽሕዲ ንምሃብ፡ ናብታ ካልኣይቲ ገዛ ኣምርሐ። ጓላ ዝሰኣነት ኣደ ከኣ ረኸበ። ኣዝያ ጉህያ ብምንባራ፡ ልደት ከተብዕል ኣይደለየትን። ጽሕዲ ልደት ምስ ሃባ ግና፡ ስምዒት በዓል ልደት ተመልሳ። ጽሕዲ ንምሃብ ናብታ ሣልሰይቲ ገዛ ድማ ኣበለ። ሰብኣይን ሰበይትን ተፈሓፊሖም፡ እታ ሰበይቲ ከኣ፡ ንኽትፋታሕ ኣብ ቀረባ ነበረት። ነታ ጽሕዲ ልደት ምስ ሃቦም፡ ብኣኣ ተሓጐሱን በዓል ልደት ድማ ኣብዓልዎን። እቲ ጽቡቕ ውፅኢት፡ ኣብታ ቀዳመይቲ ገዛ፡ እቲ ሰብኣይ ምስ ዝሓመመት ሰበይቱ ነበረ። ደስታኦም ክገልጹ ደለዩ’ሞ፡ ምግቢ ድማ ሃብዎ። ደኃር፡ ቅሩብ ጽንሕ ኢሉ፡ ኣብታ ካልኣይቲ ገዛ፡ እታ ጓላ ዝሰኣነት ኣደ’ሞ ሓጐሳ ክትገልጽ ዝደለየት፡ ህያብ ሃበቶ። ንዝሞተት ጓላ ኢላ እትኣልሞ ዝነበረት ጉልፎ ድማ ሃበቶ። ነታ ዝተኣልመት ጉልፎ ከኣ፡ ነዚ ሰብኣይ እዚ ሃበቶ። እቲ ሰብኣይ’ውን፡ ንጓሉ ከም ህያብ ሃባ። እታ ሣልሰይቲ ገዛ፡ እታኳ ሰብ ኃዳር ክፋትሑ ቀሪቦም ዝነበሩላ፡ እታ ጽሕዲ ምስ መጸቶም፡ ሰብኣይን ሰበይትን  ጉዳዮም ክግምግሙ ጀመሩ’ሞ፡ ነቲ ተጻሒፉ ዝነበረ ውዕል ፍትሕ ከኣ ቐደድዎ። ኣብ ቤቶም ድማ ሰላም ሰፈነ። ብኃባር መጺኦም ድማ፡ ነቲ ሰብኣይ ገጸ በረከት ሃብዎ። እቲ ሰብኣይን እታ ጓሉን፣ በቲ ዝተዋህቦም ምግቢ፡ ህያብን ገጸ በረከትን ተሓጐሱ። እዚ ድማ፡ ሓጐስ በዓል ልደት ነበረ።

ነዚ መልእኽቲ’ዚ ክሰደልኩም ከሎኹ፡ ሕጉስ’የ። በዚ መልእኽተ በዓለ ልደት ጌረ፡ ንኹላትኩም ኣብያተ ክርስቲያንናን ሰበኻ ቤተ ክርስቲያናትን፡ ክረክብ ሕጉስ’የ። በዚ በዓለ ልደትን ጐርጎሮስያዊ ሓድሽ ዓመትን ጌሩ፡ ክትሕጐሱን ልብታትኩም ፍስሓ ክመልኣን እትስፎ። ደጊመ፡ ንኹላትኩም ኣብያተ ክርስቲያናት፡ ሃገረ ስብከታት፡ ገዳማትን፡ ኣብያተ ትምህርትን መንፈሳዊ ኮለጃትን እንቋዕ ኣብጽሓኩም እብል። ነዚ መልእኽቲ እንቋዕ ኣብጽሓኩም ካብ ሃገር ግብጺ፡ እቲ’ኳ፡ ካብ ቀዳማይ ክፍለ ዘመን፡ ብንግደት ቅድስቲ ስድራ እተባረኸ ምድሪ፡ መልእኽቲ እሰደልኩም። እዚ ምድሪ እዚ፡ ብነቢያት ከም እተነግረ፡ ኣብ መጽሓፈ ትንቢት ኢሳይያስ ከም እነንብቦ፡ ዝተባረኸ ምድሪ’ዩ። ብስብከት ወንጌላዊ ቅዱስ ማርቆስ’ውን ዝተባረኸ ኢዩ። ኣምላኽ ይኃልኹምን ምሳኹም ይኹንን። ርሑስ ሓድሽ ዓመትን ርሑስ በዓል ልደትን ይግበረልና።

Panadros II